# ናይ ቋንቋ ሓገዝ

ንናይ ጥዕና ክንክን በዓል ስልጣን (HCA) ዓማዊል ብክልተ ቋንቋ ዝዛረቡ ሰራሕተኛታት ቀጥታዊ ግልጋሎት፣ ናይ መተርጎሚ ግልጋሎትን፣ ዝተፅሓፉ ዶክሜንታት ምትርጓም ሓዊስካ ናጻ ናይ ቋንቋ ሓገዝ ግልጋሎት ቀሪቦም እዮም፡፡

## ብዛዕባ Washington Apple Health (Medicaid) መረዳእታ ርኸብ

**ካብ 18 ክሳብ 64 ዕድመ ንዝኾኑ ዓበይትን ሸፉን ንዝደልዩ ህጻናትን ጥኑሳት ደቂ ኣንስትዮን**

- ናብ 1-855-923-4633 ደዉል
- ዉልቃዊ ከባብያዊ መራሒ ወይ ደላላይ ርኸብ

**ኣካል ስንኩልነት መሰረት ዝገበረ ሸፉን ንዓይነ ስዉር፣ ኣካለ ስንኩል ወይ ዕድምኦም 65 ወይ ንላዕሊ ንዝኾኑ ሰባት**

- ናብ 1-877-501-2233 ደዉል
- ከባብያዊ ቤት ጽሕፈት ግልጋሎት ማሕበረሰብ DSHS ርኸብ


**ናይ ነዊሕ እዋን ክንክን ንዝደልዩ ዉልቀ ሰባት**

ቤት ክንክን ፣ ዉልቃዊ ናይ ገዛ ክንክን፣ ዝተሓገዘ መንበሪ ሓገዝን ናይ ዓበይቲ ስድራ ገዛ ፕሮግራም ሓዊሱ፡፡

- ናብ 1-800-422-3263 ደዉል
- ከባብያዊ ቤት ጽሕፈት ግልጋሎት ማሕበረሰብ DSHS ርኸብ

## ዝተተርጎመ ማተርያል ርኸብ

1. ኣብ HCA መርበብ ሓበሬታ ናብ ቅጥዕን ሕትመትን ገጽ መርበብ ክድ፡ www.hca.wa.gov/apple-health-client-forms.
2. ‹ኣልሽ› ዝብል ባር ርኸብ፡፡




3. ኣብቲ ‹ኣልሽ› ዝብል ባር፣ ቁልፊ ቃል ወይ ናይ HCA ዶክሜንት ስም ብኢንግሊዝኛ ወይ ናይ ዶክሜንት ቁፅሪ ጽሓፍ፡፡ ‹ኣልሽ› ዝብል መጠወቒ ጠዉቕ፡፡
4. ‹ቅጥዒ ርኸብ› ወይ ‹ሕትመት ርኸብ› ዝብል መሪጽካን ካብቲ ታሕቲ ዘሎ መማረጺ ዝርዝር ዶክሜንት ዝርከብን እትደልዮን ቋንቋ ምረጽ፡፡

**ብእትደልዮ ቋንቋ ማተርያል ኣይረኸብካን?**
ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ወይ ኣድላይ እንተኾይኑ፣ ናይ HCA ማተርያል ክትርጎመልካ ሕተት፡፡ ናብ HCA ብ 1-800-562-3022 ደዉል፡፡